**ብን`ቕሓትን ጽንዓትን ተቓሊስካ ዘይስገር ጸገም የለን።**

ሓደ ፍትሓዊ ናይ ህዝብታት ቃልሲ፡ ኣብ መስርሕ ጉዕዞኡ ብዝተፈላለዩ ወድዓውን ባዕላውን ምኽንያታት፡ ዕንቅፋት ከጋጥሞ፡ ካብኡ ዝብገስ ገለ ምድኻማት ከርኢ፡ ስለዚ ከኣ ክብ ለጥቕ እናበለ ክጎዓዝ ባህሪያዊ'ዩ። እቲ ህዝባዊ ቃልሲ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ድኽመት ኣርእዩ ማለት ግን፡ መሊኡ ወዲቑ ወይ ተሳዒሩ ማለት ኣይኮነን። ኣብ'ቶም ነቲ ህዝባዊ ቃልሲ ኣብ ናይ መወዳእታ ሸቶኡ ከብጽሖም ዝግበኦም ውጹዓት ህዝብታትን ፖለቲካዊ ውድባትን ብከም'ቲ ዝድለ ፖለቲካዊ ን`ቕሓት ኣብ ዘይጎልበተሉን ተወሃሂዶም ብስጥመት ክቃለሱ ኣብ ዘይበ`ቕዕሉን ኩነታት ግዝያዊ ምድኻማት ክረአ ውሁብ ነገር'ዩ። ከም'ዚ ዓይነት ድኻማት ድማ ኣብ ዝኾነ መስርሕ ቃልሲ ዘጋጥምን ብቓልሲ ድማ ዝፍታሕን ተርእዮ 'ምበር ዘይፍታሕን ተስፋ ኣቑሪጹ ካብ መኣዲ ቃልሲ ዘብኩርን ኣይኮነን።

ንኣብነት ገለ ካብ'ቶም ኣገደስቲ ናይ ቃልሲ ረቛሒታት ንምጥቃስ ዝኣክል፡ ሓደ ተቓሊሱ ከቃልስ ዝኽእል ድልዱል መሪሕ ደሞክራስያዊ ውድብ ዘይምውናን፤ ካልኣይ እቲ በዓል ቤት ዝኾነ ሓፋሽ ህዝቢ ጸላኢኡን ፈታዊኡን ብን`ቕሓት ኣለልዩ፡ ተወዲቡ ክቃልስ ዘይምብቃዕ፤ ሳልሳይ ፕሮግራም ቀሪጾም ብዝተወደበ መልክዕ ዝነጥፉ ፖለቲካዊ ውድባት ኣብ'ቲ ብሓባር ከቃልሶም ዝኽእል፡ ተኣማሚኖምን ተደጋጊፎምን ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ብብ`ቕዓትን ብጽንዓትን ክቃለሱ ዘይምኽኣል ናይ'ቲ ዘጋጥም ድኽመታት ጠንቂ ገይርካ ክውሰዱ ዝከኣሉ'ዮም።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ነካይዶ ዘለና ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልሲ እዞም ዝገለጽክዎም ኣገደስቲ መሳርሒታት፡ ብከምቲ ዝድለ ውሽጣዊ ምትእምማን ፈጢሮም ክቃለሱ  ብዘይምብቃዖም፡ እቲ ዝድለ ለውጢ ቅልጡፍ ምዕባለ የርኢ የለን። ስለዚ ከኣ ኣብ'ቲ ዘይተወደበ ሓፋሽ ህዝብና ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ'ቶም ተወዲቦም ዝቃለሱ ዘለው ወገናት ከይተረፈ፡ እንታይ ኮይና ዘይንሕይል፡ ዘይንዕወት፡ ህዝብና ካብ ስቓይን ምብትታንን ዘይነድሕን ዝብል ዝፈጥሮ ዘሎ  ስምዒታት ቀሊል ኣይኮነን። ብናተይ ገምጋም እዚ እንታይ ኮይና ….ዝመበገሲኡ ዝስማዕ ዘሎ ድምጺ ጠርኒፉ ዘቃልሶን ለውጢ ዝደልን ብምኻኑ ኣብ ቦትኡ'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ዝጭበጥ መልሲ ክህብሉ ዘለዎም ድማ ፖለቲካዊ ሓይልታት'ዮም። ብኸመይ ውሽጣዊ ፍልልያቶም ፈትሾም፡ ኣብ ሓደ ከምጽኦም ዝኽእልን ብመትከል ዝፈላለዮምን ኣነጺሮም ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ብምምሕዳር፡ ንህዝቢ ብሓፈሻ ንመንእሰይ ክፍሊ ሕብረተ-ሰብ ድማ ብፍላይ ኣብ ዙርያ'ቲ ህዝባዊ ቃልሲ ክዓስሉን ግቡኦም ክዋጽኡን ብምግባር፡ ነቲ ስኽፍታን ጻምእን ከርውይዎ ይኽእሉ'ዮም ዝብል እምነት ኣለኒ። ከምኡ ብዘይምግባሮም  ዝፍጠር ዘሎ  ጸገማት  ቀሊል ኣይኮነን።

ነቲ ዝረአ ዘሎ ድኽመታት ጉድለትካ ምኻኑ ኣሚንካ ንምፍታሑ ኣብ ክንዲ ምቅላስ፡ ብኣንጻሩ ካብ ተሓታትነት ንምህዳም፡ መንገዲ ምፍልላይን ምፍንጫን ምኽታል'ውን ሓደ ካብ'ቲ ክንቀሓሉን ክእረምን ዘለዎም ዓንቃፊ ኣካይዳ'ዩ። ገለ ሓላፍነት ዘይስመዖም ኣካላት፡ ነቲ ዝፍጠር ድኽመታት ብምምዝማዝ፡ ንፍሉይን ጸቢብን ዕላማኦም ክግልገልሉ፡ ናይ ህዝብን ተቓለስቲ ሓይልታትን ረስኒ ኣብ ምዝሕሓል ዝጻወትዎ ዘለው ኣሉታዊ ተራ'ውን ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ስለዚ እቲ ኣብ ባይታ ዝረአ ዘሎ ድኽመታት  እዝን ወዲ ከምዝን ተደማሚሩ ዝፈጠሮ ብወሳኒ መልክዑ ባዕላዊ ምኽንያታት'ዩ ክበሃል ይከኣል። ዝኾነ ዕንቅፋታት ይጋጥሞ ግን፡  ነቲ ህዝባዊ ቃልሲ ክብገስ  ዝገበርዎ፡ ናይ ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ልምዓት፣ ማሕበራዊ ፍትሒ …ወዘተ ዝበሉ መሰረታዊ ሕቶታት ክሳብ ዘይተመለሱ፡ ንዘጋጥምዎ ውሽጣዊ ባዕላዊ ድኽመታትን ጸገማትን ይኹን ውድዓዊ ተጽዕኖታት  ብቃልሲ እናኣለየን እናፈትሐን ክሳብ ፍጹም ዓወት ክቃለስ ናይ ግድን'ዩ።

ስለዚ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልስና፡ ዋላ'ኳ ቀልጢፉ ኣብ ዓወት ከይበጽሕ ሓሊኾም ዝሕዝዎ ፖለቲካዊ ተርእዮታት ህልዋት እንተኾኑ፡ ንጥፈታት ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታትና ብን`ቕሓት እናተኸታተልና፡ ኣራምን ሓጋዝን ናይ ቃልሲ ኣበርክቶ እናተጻወትና፡ ካብ ተጸባይነትን ተስፋ ምቑራጽን መንፈሳት ሓራ ኮይና

እንትተዋሲእና ኣብ ቅድሚና ዘይፍታሕ ጸገም ኣይህሉን። ብፍላይ ኣብ ናይ ንእስነት ዕድመ ዝርከብ ክፍሊ ሕብረተ-ሰብ ኣብ'ቲ ቃልሲ ብንቕሓትን ጽንዓትን እንተተሳቲፉ ዕለተ ዓወትና ቀረባ'ዩ። እቶም ድኽመታትና እናመዝመዙ፣ ናይ መጻኢ ስውር ዕላማኦም ንምዕዋት ህዝብን ሃገርን ብምብትታን ክርብሑ ዝሓልሙ፣ ብውድዕነቶም ድማ ንጸላእን ተጻባእትን ዘገልግሉ ሓንኮልቲ ኣካላት ብንቕሓት እናመከትና ክንቃለስ እንተበቒዕና፣ ህዝባዊ ቃልስና ነዊሕ ኣብዘይኮነ ግዜ ከም ዝዕወት ኣየጠራጥርን። ስለዚ ካባና ዝድለ ኣላሽ ከይበልና ድኽመታትና ኣለሊና ብምውጋድ ምቅላስ'ዩ። ድኽመታት እናጸብጸብናን ብሽርሕታት መደናገርቲ ኣካላት ተሰኩናን ኣብ ኩሉ-መዳያዊ ዓዘቕቲ ንነብር ማለት ድማ ዘበት'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ብንቕሓትን ጽንዓትን ተቓሊስካ ዘይስገር ጸገም የለን።

ብርሃነ ግርማይ ካብ ሱዳን

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፣ 08-02-2017